# መእተዊን መደምደምታን መጽሕፍ

ዓቢ ፖለቲካዊ ጸወታን  ሻውዓይ ምዕራፍ ባይቶ ጸጥታን

ባይቶ ጸጥታ ኣንጻር ኤርትራ ዘሕለፎ ውሳኔ ቁ.1907



**ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ**

ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ፡ ብ23 ታሕሳስ 2009 ብቑጽሪ 1907፡ ብ5 ታሕሳስ 2011 ብቑጽሪ 2023፡ ብ24 ሓምለ 2013 ድማ ብቑጽሪ 2111 ዝፍለጥ ዓማጽን ዘይፍትሓውን ውሳኔታት እገዳ ኣንጻር ኤርትራ ከም ዘሕለፈ ይፍለጥ። መበገሲ ናይቶም ዳሕረዎት ውሳኔታት እቲ ብቑጽሪ 1907 ዝፍለጥ ውሳኔ ስለዝኾነ ድማ፡ መጽናዕታዊ ጽሑፈይ ናብኡ ዘተኮረ ክኸውን እዩ።

ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ዘካየዶ መበል 6254 መጋባእያ፡ ንምዕራፍ 7 ቻርተር ው.ሕ.ሃ መሰረት ብምግባር ኣንጻር ኤርትራ መርትዖታት ዘይብሉ ዓማጺን ዘይፍትሓውን ውሳኔ ኣሕሊፉ። ነዚ ውሳኔ'ዚ ከሕልፍ ከሎ ዘቕረቦ ምኽንያታት፡ “ሃገረ ኤርትራ ንዕጡቓት ምንቅስቓስ ሶማል ፓለቲካዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ሓገዝ ትህብ ኣላ፡ ንመሰጋገሪ ፈደራላዊ መንግስቲ ሶማል ኣፍልጦ ኣይሃበቶን፡ ሓይልታታ ካብቲ ምስ ጂቡቲ ዘዳውባ ከባቢታት ብፍላይ ከኣ ካብ ራስ ዱሜራን  ደሴት ዱሜራን

ኣይስሓበትን” ዝብል እዩ ነይሩ። እዚ ብባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተበየነ ውሳኔ፡ ኤርትራ ኣጽዋር ከይትሽምት ምእጋድ፡ ምድስካል ፋይናንሳዊ ዓቕማን ቁጠባዊ ጸጋታታን ከምኡ'ውን ንገለ ኣገደስቲ ውልቀሰባት መገሻታት ምኽልካል የጠቓልል።

እዚ ሕጋዊ መሰረት ዘይብሉ ዘይፍትሓውን ዓማጽን ውሳኔ'ዚ፡ ኣንጻር ኤርትራ እገዳ ንምሕላፍ ካብ ዘሎ ፖለቲካዊ ሸውሃት ምምሕዳር ኣሜሪካ ጥራይ'ዩ ዝብገስ። ምምሕዳር ኣሜሪካ ድማ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ብመገዲ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ከሕልፍ ዝደረኾ፡ ኤርትራ ገበን ስለዝፈጸመት ዘይኮነስ፡ ብሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ደረጃ ኣብ ናጻን ሉኣላውን ፖለቲካዊ ውሳኔኣ ስለዝጸንዐት ብሓደ ወገን፡ ነታ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ስትራተጂያውን ኣጀንዳኡ ንምትግባር ከም ቀንዲ መሳርሒ እተገልግሎ ኢትዮጵያ ከም ዞባዊ ሓይሊ ንኽትኣምነላ ንምስግዳድ ከኣ በቲ ኻልእ ወገን እዩ። ንኹሉ'ዚ ንምትንታን ድማ ብመጀመርታ ትሕዝቶ፡ ድሕረ-ባይታን ዕላማን ውሳነ ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታን መርገጺ ነፍሲ ወከፍ ቀወምቲን ዘይቀወምቲን ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ብድሕሪኡ ከኣ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራን ኣሜሪካን ኣብ ሶማል ዝኽተልኦ ፖሊሲ ቅድሚ ምትንታን፡ ሕመረት ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጂኦ-ስትራተጂያዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራውን ከባብያውን ሽግር ሶማል ክንርኢ ኢና። ከምኡ'ውን ነቲ ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸጥታ “ናብ ሶማል ኣጽዋር ንኸይኣቱ ክቆጻጸር ዘቕሞ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን” ብዘይ ጭቡጥ መርትዖ፡ “ኤርትራ ንምንቅስቓስ ሶማል ፖሊቲካዊ፡ ሎጂስቲካውን ፋይናንሳውን ሓገዝ ትህብ'ያ” ክብል ዘቕረቦ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ምርኩስ ብምግባር፡ ብመሰረት ሻቡዓይ ምዕራፍ ቻርተር ው.ሕ.ሃ ኣንጻር ኤርትራ  ዘሕለፎ  ዓማጺ እገዳ ምርኣይ ክንምልከት ኢና።

እቲ ዘገርም፡ ባይቶ ጸጥታ ብዛዕባ'ቲ ኢትዮጵያ ኣብ ታሕሳስ 2006 ኣብ ሶማል ዘካየደቶ ቅሉዕ ወራር ብጩቕ ዘይምባሉ እዩ። ከምኡ'ውን ናይ ባሕሪን ኣየርን ሓይሊ ኣሜሪካ ኣብ ሶማል ዘካየዶ ስርሒታት ንቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን መትከላት ባይቶ ጸጥታን ዝግህስ ገበን ክነሱ ከም ኣገዳሲ ጉዳይ ኣይጠመቶን። ስለዚ ከኣ ባይቶ ጸጥታ ሎሚ ዘይኮነ ካብቲ

ዝተመስረተሉ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ጀሚሩ ድርብ መለከዒታት ይጥቀም ከምዘሎ ክንርዳእ ንኽእል። ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዝጥቀማሉ ናይ ቀውፊ ድምጺ'ውን እንተኾነ፡ ብዋጋ ኣህጉራዊ ሕጊ፡ መትከላት ባይቶ ጸጥታን ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ረብሓታተን ንምውሓስ ነንሓድሕደን እናተጸዋወራ ንሉኣላውያን ንኣሽቱን ማእከሎትን ሃገራት ንምድሃኽንዝግልገላሉ መሳርሒ እዩ።

## መደምደምታ

ባይቶ ጸጥታ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣንጻር ኤርትራ ዘሕለፎ ውሳነ ቁጽሪ 1907፡ ብመሰረት ምዕራፍ ሸውዓተ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዝተፈላለየ ዓማጺ እገዳታት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ "ተቖጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን" ዘሕለፎ ጸብጻብ ዝተመርኮሰ እዩ። ይኹን'ምበር እቲ ተቖጻጻሪ ጉጅለ፡ ካብ'ቲ መርትዖ ዘይነበሮ ጸብጻቡ ስሒቡ እዩ። ስለዚ ከኣ እቲ ውሳነ ብኹሉ ሕጋውን ፖለቲካውን ስነ-ምግባራውን መለከዒታት ውዱቕ እዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ተጽዕኖታት እንተ ዘይትገብር ነይራ ከኣ፡ ኣብ ሓድሽ ዓመት ብታህዋኽ ኣይምሓለፈን ነይሩ። ብዝኾነ፡ እዚ ውሳነ'ዚ ብኸመይ ከምዝሓለፈን፡ ስለምንታይ ወራር ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሶማል ይኹን ኣሜሪካ ኣብ ሶማል ዝፈጸመቶ ቅትለት ኣይተኾነነን ዝብልን ብዙሕ ሕቶታት ይለዓል ኣሎ። እዚ ኩሉ ፍጻመታት'ዚ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ፈጻሚ ኣካሉ ባይቶ ጸጥታን ብናይ ኣተሃናንጻ ሽግር ከም ዝሳቐዩ ብዘየወላውልን ብንጹርን ዘብርህ እዩ። ቀጺልና'ምበኣር ገለ ካብ'ቲ ኣጠቓላልን ኣዕጋቢ መልሲታት ዘድልዮን ሕቶታት ነቕርብ።

1. ባይቶ ጸጥታ፡ ብዘይ ርጉጽ ሰነድን መርትዖን ስለምንታ'ዩ ኣንጻር ኤርትራ ውሳነ እገዳ ኣሕሊፉ?
2. ባይቶ ጸጥታ ስለምንታ'ዩ ነቲ "ተቖጻጻሪ ጉጅለ" "ኣብ ሶማል 2000 ወተሃደራት ኤርትራ ኣለዉ" ክብል ዘቕረቦ'ሞ ጸኒሑ ድማ ሓቅነት ከምዘይብሉ ምስ ፈለጠ ዝሰሓቦ ጸብጻብ ከም መርትዖ ተጠቒምሉ?

ከምኡ'ውን ጸኒሑ ሓሶት ምዃኑ ምስ ተረድአ ንዕኡ ገዲፉ "ኤርትራ ንተቓወምቲ ሶማል ብባሕርን ኣየርን ትሕግዝ ኣላ" ክብል ካልእ ጠቕነ ዘምጽአ?

3. ባይቶ ጸጥታ ስለምንታይ'ዩ ነቲ ዝገዝኦ ሕግታትን ቻርተራትን ብምግሃስ "ብጠለብ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን'የ ኣንጻር ኤርትራ ውሳነ እገዳ ኣሕሊፈ" ዝብል? ኣብ ከምዚ ኩነታት ግን ከምቲ ግቡእ ብመሰረት ሻቡዓይ ምዕራፍ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት እገዳ ከሕልፍ እንተኾይኑ፡ ብወድዓውን ሻርነት ብዘይብሉ መገድን ነቲ ጉዳይ ዝምርምር ጉጅለ ከቕውም ነይሩዎ።

4. ስለምታይ'ዩ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ኢትዮጵያ ካብ'ቲ ስርዓት ጀነራል ስያድ ባረ ዝወደቐሉ ጥሪ 1991 ጀሚራ ክሳብ ሕጂ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሶማል እትፍጽሞ ዘላ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምትእትታው ኣጽቂጡ ዝሓልፎ ዘሎ?

5. ስለምንታ'ዩ ባይቶ ጸጥታ ነቲ ብታሕሳስ 2006 ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተፈጸመ ወራር ኢትዮጵያ  ዘይኮነኖ?

6. ኢትዮጵያ ነቲ ናብ ሶማል ኣጽዋር ከይልኣኽ ዝእግድ ብ23 ጥሪ 1992 ዝወጸ ውሳነ ቁጽሪ 733 ብምጥሓስ ንሶማል ብኣጽዋር ከም ዘዕለቕለቐቶ "ተቖጻጻሪ ጉጅለ" ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ብጭብጢ ኣረጋጊጽዎ ከብቅዕ፡ ስለምንታይ ባይቶ ጸጥታ ዘይኮነና?

7. ኢትዮጵያ ኣብ መቓድሾ ኣንጻር ተቓወምቲ ሶማል ጻዕዳ ፎስፈረስ ቦምባታት ከም ዝተጠቐመት ተቖጻጻሪ ጉጅለ ብ18 ሓምለ 2007 ንዘቕረቦ ጸብጻብ ብሰብ ሞያን ከሚካላዊ መርመራታትን ኣረጋጊጹዎ ከብቅዕ፡ ስለምንታይ ባይቶ ጸጥታ ንኢትዮጵያ ዘይኮነና?

8. ኣሜሪካ ነቶም ኣብ ሶማል ዕንወት ዝፈጸሙን ንሽግር ሶማል ዝሓላለኹን ዘጋደዱን፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ "ምትእኽኻብ ባይቶ ዕርቂን ምሕዳስ ሶማልን" ዝመስረቱን ጎይቶት ኲናት፡ ኣብ 2001 ሓጊዛቶም ክንሳ ስለምንታይ'ዩ ባይቶ ጸጥታ ዘይኮነና?

9. ኣሜሪካ ንውሳነታት ባይቶ ጸጥታ፡ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ሕግታትን ብምጥሓስ፡ ኣብ 2006 ንኀይቶት ኲናት ኣብ ትሕቲ “ኪዳን ምርግጋጽ ሰላምን ምምካት ግብረሽበራን” ዝብል ስያመ፡ ኩሉ ዓይነት ሓገዝ ኣበርኪታትሉም ክንሳ፡ ስለምንታይ ባይቶ ጸጥታ ዘይኮነና?

10. ኣሜሪካ ንኣህጉራዊ ሕግታትን ወግዒታትን ብምግሃስ ብኣየርን ባሕሪን ኣብ ሶማል ህልቂት ዝፈጸመትሉ ስርሒታት እናካየደት ስለምታይ ባይቶ ጸጥታ ዘይኮነና?

ባይቶ ጸጥታ ካብ’ቲ ቅድሚ ኣስታት ሸውዓተ ዕቑዳት ዝተመስረተሉ እዋን ኣትሒዙ ብዛዕባ ዝተጻወቶ ተራ ብዙሕ ዘይተመለሰ ሕቶታት ክለዓል ዝኽእል’ኳ እንተኾነ፡ ንሕጂ ግን ካብ’ቲ ብዙሕ በዚ ጠቒስናዮ ዘሎና ውሑድ ሕቶታት ጥራሕ ደው ክንብል ኢና።

እቲ ዘገርም፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነሉን ናይ ህላወኡ ምኽንያት ዝኾነን ዕላማታት ማለት ምዕቃብ ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ዘየኽብር ምዃኑ እዩ። ስለዚ ከኣ’ዩ ኢትዮጵያ ኣብ ታሕሳስ 2006 ንሶማል ምስ ወረረት ክኹንና ዘይከኣለ። እቲ ዘደንጹ ድማ ቀዋሚት ኣባል ባይቶ ጸጥታ ዝኾነት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንወራር ኢትዮጵያ ብምምኽናይ፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ፖለቲካዊ ሽፋን ክትገብረሉ ምኽኣላ እዩ። ካልኦት ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ንወራር ኢትዮጵያ ኣብ ሶማል ክመያየጥሉ እንተ ድኣ ፈቲኖም፡ ናይ ቀውፊ ድምጺ ክትጥቀም ምዃና ድማ ኣፈራሪሓ።

ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ኣቐዲሙ ዝቐረበ ሕቶታት ኣብዞም ዝስዕቡ ኣገደስትን መሰረታውያንን ነጥብታት ጠርኒፍካ ክቐርብ ይኽእል’ዩ። ንሱ ከኣ፡ ባይቶ ጸጥታ ስለምንታይ ንኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ይኹን መርትዖን ጭብጢን ኮኒኑዋ? ስለምንታይ’ከ ንወራር ኢትዮጵያ ኣብ ሶማልን ነቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ዕላማታትን ውሳነታትን ባይቶ ጸጥታን ዝፈጸመቶ ግህሰት ዘይኮነነ? እቲ መልሲ ንኹሉ ርዱእ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ምሕሳብን ምምርማርን ዘድልዮ ኣይኮነን። ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚራ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ፡ ንእትደልዮ ውሳነታት ከተሕልፍ ንዘይትደልዮ ድማ ክትዓግት ጸኒሓ እያ። እዚ ከኣ

ባይቶ ጸጥታን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ተራኦም ክጻወቱ ከምዘይክእሉ'ዩ ዘረድእ። እዚ ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎ። ቀንዲ ካብኡ፡ ካብ'ቲ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም 1945 ዝተመስረተሉ ዕለት ኣትሒዙ ብዙሕ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጉዳያት ተለዋዊጡ እዩ። ዓለም በቲ ምስ ምፍራስ መንደቕ በርሊን ኣብ 1989ን ምብትታን ሶቬት ሕብረት ኣብ 1990ን ዘብቅዐ ስነ-ሞጎት ዝሑል ኩናት ትግዛእ የላን። ኣብ ዓለም ኣሃዱኣዊ ስርዓት እዩ መጺኡ። ስለዚ ከኣ ኣብ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶ ጸጥታን ሓፈሻዊ መአረምታ ጥራሕ ዘይኮነስ ራዲካላዊ ለውጢ ንምምጻእ ዘስገድድ ሓድሽ ብድሆታትን ሓደጋታትን እዩ ዝርአ ዘሎ።

እቲ ዓቢ ጸገም፡ እተን ሓሙሽተ ቀወምቲ ኣባላት ባይቶ ጸጥታ፡ ንዝረኸብኦ ታሪኻውን ፖለቲካውን ሓለፋታት ክገድፉ ስለዘይደልያ፡ መሰረታዊ ለውጢ ይትረፍስ ንሓፈሻዊ ምእራም ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን ናይ ቀውፊ ድምጺ ተጠቒመን ይቃወምኦ ምኳነን እዩ። እቲ ዘገርም ድማ መራሕቲ ሃገራት ሳልሳይን ካልኣይን ዓለም፡ ባይቶ ጸጥታን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ኩሉ መዳያት ግቡእ ተራኦምን ሓላፍነቶምን ንኽጻወቱ ኣብ ክንዲ ዝእርሙ፡ ኣብ ቀወምትን ዘይቀወምትን ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ብዛዕባ ዝረኸብዎ መናብርን ንውልቃዊ ባህግታቶም ዘርዊ ፍሉይ ሓለፋታት ኣብ ምንዳይን ግዜኦምን ዓቕሞምን ብከንቱ ዘጥፍእዎ ምኳኖም እዩ። ስለዚ ኣብ ቻርተራትን መትከላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ተራ ባይቶ ጸጥታ ንረብሓ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ብዘገልግል መገዲ መሰረታዊ ለውጢ እንተ ዘይተገይርሉ፡ ኣብዛ ብቕልጡፍ ናብ ንእሽቶ ቁሸት ትልወጥ ዘላ ዓለምን ኣብዚ ዶብ ሃገራት ዝጠፍኣሉ ዘሎ እዋንን፡ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ገለ መናብር ንምርካብ ምጉያይ ትርጉም ኣይክህልዎን እዩ፡

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብኹሉ ትካልቱ፡ ብቐዳምነት ከኣ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብዝሰፍሐ ኣፍ ደገ ክኣቱ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ብደረጃ ህልዊ ሃገራዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ብድሆታት ክኸውን ኣለዎ። ንዝቕመሉ መሰረትን ኩሉ ክፍልታቱ ዝግዝኣሉ መትከላትን፡ ምስ ህልዊ ክፍለ ዘመን ብዝሳነ፡ ብነቐፌታዊ መገዲ ዳግም ክእርሞ ኣለዎ። ኣብ ቅድሚኡ ንዘሎ ብድሆታት ናይ ኩሉ ጸገማት ንምፍታሕ፡ ብተሳትፎ

ኩሉን ንረብሓ ኩሉን፡ ብልቦናውን ፕራግማቲካውን መገዲ ክገጥሞ ይግባእ። ጻዕርታቱ ኸኣ፡ ነዚ ብኑኩሌሳዊ ውድድር፡ ዕብለላ፡ ፋይናንሳዊ ሽግር፡ ቀኣጠባዊ ድስካለ፡ ሽቕለተ ኣልቦነት፡ ብዝሒ ህዝቢ፡ ናህሪ ድኽነት፡ ዝርጋሐ ሕማም፡ ምስፍሕፋሕ መሃይምነት፡ ጃምላዊ ስደት፡ ዕርገት መጠነ ብከላ፡ ንህላወ ደቂ ኣዳም ዘስግእ ምልውዋጥ ዓለማዊ ኩነታት ኣየርን ኣከባብን ካብ ጽሉልን ርእሰ ቅትለታውን ሕሳባት ዝብገስ ኣሉታዊ ተርእዮ ዓውለማን ከቢቡዎ ዘሎ ህዝቢ ዓለም፡ መሰረት ጽቡቕ መጻኢኡ  ዝኾነ ትካል ንምቛም ክኸውን ኣለዎ።

ንምዝዛም፡ ባይቶ ጸጥታ ካብ'ቲ ቅድሚ ሸዱሽተ ዕቑዳትን ሸሞንተ ዓመትን ዝተመስረተሉ ጀሚሩ ዝሓለፎ መድረኻት ብታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ስነ-ምግባራውን መዳይ እንተ ድኣ ተገምጊሙ፡ ናይ ህላወኡ ምኽንያት ኣብቂዑ እዩ። ስለዚ ድማ እንተ ተሰረዘ'ውን ብፍጹም ዘጣዕስ ኣይኮነን። ስልጣንን ሓላፍነትን ባይቶ ጸጥታን ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውሳኔታቶምን ፖሊሲታቶምን ዝትግብር ፍሉይ መካኒዝም ክፍጠር ኣለዎ። በዚ ድማ ኩለን ኣባል ሃገራት ብማዕረ ኣብ ኩሉ ኣህጉራዊ ጉዳያት ሓላፍነት ይስከማ። ከምኡ እንተ ተጌሩ ከኣ፡ ሓፈሻዊ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት'ውን ኣብ ክንዲ ተዓዛቢ ዝኸውን፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቀኣጠባውን ባህላውን መስርሕ ዓለም ቀዳማይ ተራ ክጻወት ይኽእል።